# ደማሲ ዘመነ መናጥቕ !

ካብ ዘበነ ገድሊ ካብቲ በረኻ
ኣብዚ ርሱን ህሞት ህንጸት ንሃገርካ
መንኮርኮር ምዕባለ ክደፍእ ሓውኻ
እወ መሰታኻ ናይቅድም መቃልስትኻ !

ንስኻ ግን ኮይኑ ዘሎ ውራይካ
ዕንቅፋት ንስራሕ ክትወዲ ማሕለኻ
ክትሽይጥ ክብረት ህዝብኻ
ዘይትሓንኽ ኣብ መናክዕ ተሸጉጥካ ፡

ኣንታ ታሪኽ ዲኻ ረሲዕካ
ኣብቲ ቃሮራ ኣብቲ ናቕፋ
ኣብ ጋሽ ባርካ ፎርቶ ሳዋ
ታሪኻዊ ስፍራ እኒሓላይ ሶይራ
ዓዲሸሻይ ደምበላስ ድባርዋ
ከረን ድዩ ንኢሱካ ሽንድዋ
ቀይሕ ባሕሪ ኩሉ ዘማዕድዋ
እንታይ ኣስገደካ ኣብ መቓለ ሽዋ ?

ለካ ኮይኑ ጠባይ እዩ ውሒዱካ
ስለዝኾነ ንፍራንክፈርት ዝፈርጠጥካ
ጽሓይ እንክሎ ዝቖረርካ
ብብርሃኑ ላምፓዚና ወሊዕካ
ወካኽ ሽንቲ ብዕራይ ዝኣሰርካ
ዓባየ ማጨሎት ዘይፍሉጥ ኣድራሻኻ ፡

ዘመነ መናጥቕ ኣዚኪሩና ዘመነ መሳፍንቲ
ብወገን ብቢሔር ማሕበራት ኣቖምቲ
ንቕሓት ቀቢረን ድሕረት ተወንዘፍቲ
ኣብወወገነን ኣሕዲረን ቅርሕንቲ
መጽለሊ ስኢነን መዕቆቢ ብዓቲ
ሓጥያተን ክጸፋጸፍ ዝሰግዳ ንኢጋንንቲ ፡

ኣህባይ እየን ኢሎመን ዘይሓረስኦ ሓፊስቲ
ኣብ እንዳማተን ኮይነን ፈከርቲ ቀቐውቲ
መርገም’ዩ በጺሕወን ክፋለሳ በብሓንቲ
ውዱእ ምኣዲ ከልምጻ ዝሰገዳ ኣብወየንቲ

እቲ ዘገርም ፡ መላጣት ክንሰን ዝጽውዓ ቆናኖ
ክዛረባ ብኽፈር  ዘይብለን ፍሬኖ
ምሁራት ደናቑር ዕዋኖ ዝዋኖ
ዕላምኣን ንቁልቁል ንድኽነት ንልማኖ
ብኾፈን ያኢ ክኾና ናይ ዲሞክራሲ ሸናኖ ፡

ዘይፈለጠ ይፍለጥኩም ብዓል ጸይቀመይቂ
ካብ ለማናይ ዚፓጀትኩም ወዮ ስንቂ
ዝመኽነ ኣእምሮ ቅሩባት ንቆይቂ
ኮራርንቶም ዝወድኡ ብካቲካላ ኣረቂ
ካብ ንፋስ ወልወል ክትኣርዩ ወርቂ
ወያነ ዝገዝኣኩም ንምዕሮ ንንፍቂ
ኣብርእሴኹም’ኣላ ሰውራዊት ሓለንጊ ፡

ሓቂ’ዩ !

ወፍሪ ዋርሳይ ይክኣሎ ህንጻ ሳዋ
ስራሕ ንዘይትፈቱ ኣባህሪሩዋ
ሃገር ዝጸልኣት ከምሕሱም ኣዕበድቢድዋ
ኣየ ክሕደት ርኣና ንወያነ ክምርዓዋ
ኣይ ከም ህጻን ክሕቆፉ ክርረዋ
ንሞት ተቓሪበን ንኑዛዜ ክሕልዋ ፡

ወፍሪ ዋርሳይ ይክኣሎ ህንጻ ሳዋ
ንባህጊ ስራሕ ዘለዎ ስሒልዋ
ንሃገሩ ዝፈቱ ኣማዕቢሉዋ
ነቲ ጸምኣ ጸባ ኣስትዩዋ ኣርዊዩዋ
ዓለም ብዓለማ ደንጺዩዋ ገሪሙዋ
ኤርትራዊ ብኞዓት ብግብሪ መስኪርዋ ፡

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ካብ ብርዒ ሓቂ ፡